# Boston - Thanks to our Tigrean compatriots.

ኣብ ቦስተንን ከባቢኣን ዝርከባ ከተማታት ነበርቲ ንዝኾንኩም ወለዲ፣ ኣሕዋትን ኣሓትን፣ መናእሰዪን ተጋሩ!

February 6, 2010 መበል 35 ዓመት ምጅማር ዕጥቃዊ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ምኽንያት ብምግባር ኣብ ቦስተን ዘኽበርናዮ ህዝባዊን ሃገራዊን በዓልና ብብዝሓት ተረኺብኩም ብዝደመቐን ብዘሕጉስን ኩነታት ክነኽብሮ ብምኽኣልና ክትምስገኑ ይግባእ።

እቱ በዓል ዝተጀመረ ብእዋን ዕጥቃዊ ቃልሲ ዝተሰዉኡ ወገናትና ብህሊና ፀሎት ብምዝካርን ብቐረባ እዋን እንካብ መድረኽ ዝተፈለየና ኣርቲስት ተጋዳላይ እያሱ በርሀ ናይ ገድሊ ታሪኽ ብምቕራብ'ዩ።

የካቲት 11,1967 ዘኽበርናሉ ምኽንያት ሰብኣዊን ዲሞክራሲያዊን መሰላት ህዝቢ ትግራይ ንክኽበሩን እንካብ ድሑር መነባብርኡ ንክላቐቕን ብ ተጋድሎ ሓርነት ህዝቢ ትግራይ (ተሓህት) ዕጥቃዊ ቃልሲ ዝተጀመረሉ ዕለት መሰረት ብምግባር እንትኾን ህዝባዊ ዓላማ ንምስኻዕ ኣፍቱ ዝተኻየደ መሪርን ነዊሕን ቃልሲ ዝተሰዉኡ ወገናትና ዝዘከርናሉ፤ እቱ መሪር ቃልሲ መሪሖም ንህዝባዊ ዓወት ዘብፅሑና ጀጋኑ ኣሕዋትና ዝለዓለ ክብሪን ምስጋናን ዘቕረብናሉን እቱ ዝተረኸበ ዓወት ሓሊዮም ናይ ህዝብና ኢኮኖሚ፣ ልምዲ፣ባህሊን ቛንቛን ብምዕባይ ማሕበራዊ ማዕርነት እስካዕ ዝረጋገፅን ህዝብና ዝተኸብረ መነባብሮ ምንባር እስካዕ ዝጅምር ህዝቦም እናመርሑ ኣብ ምቅላስን ምስራሕን ንዝርከቡ ወገናትና ኣብ ዓዲ ኣሜሪካ ቦስተን ከባቢ እንነብር ተጋሩ እንካብ ጎኖም ከምዘይንፍለ ዝገለፅናሉ ዕለት እዩ።

ኣብ ቦስተን ዘኽበርናዮ ባዓል ለካቲት ንክደምቕን ንክንሕጎስን ዘግበሩና ምኽንያታት፡-

ብቐዳማይ እንቕርቦ  ኣብ ቦስተን ዝነብር ህዝብና እቱ ባዓል ባዓለይ ኢዩ ኢሉ ኣሚኑሉ ብብዝሓት ናብ ባዓል ብምምጽኡ፤ ቀፂሉ እንገልፆ ናይታ ባዓል መዳለዊት ኮሚቲ ኣባላት እንካብ ኩሎም ወገናትና ዝተወፃጽኡን ንኩሉ ማሕበረሰብ ኣባላትና ዝውክሉን ኮይኖም ሙሉእ ድሊየትን ፍቕርን ዘለዎም ብምዃኖም ህዝብና ብምእማንን እቱ ባዓል ብዝሔሸ ኩነታት ንክዳለው ፍሉይ ፃዕሪ ብምግባሮምን እንትኸዉን ንቱ ባዓል ዘድሊ ወፃኢ ብምውፋዮም፤ ቀፂሉ እንገልፆ እቶም ተዓዲሞም ዝመፁ ሰብ ኽእለት ሙዚቃ ህዝቦም ከሕጉስ ዘኽእል ሙዚቃ/ደርፊ ብምቕራቦም እንትኸውን እንካብ ኩሉ ንላዕሊ ዓብዪ ሚና ዝተፃወተ ኣብ መንጎ በዓል መዳለዊት ኮሚቲ ኣባላትም ኾነ ካልኦት ተሓባበርቲ ዝተርኣየ ፍቕሪ፣ ምርድዳእ፣ ምትሕግጋዝን ምክብባርን እዩ።

ብዙ ምኽንያት ባዓል ኣከባብራ ክምስገኑን ክነምስግኖምን ዝግብኡ ኣባላት ማሕበረሰብና ብዝሓት ስለዘለዎም ብስሞም እንካብ ምፅዋዕ ታዓቂብና (ንሓደ ፀዊዕና ንካሊእ ምእንታን ከይንርስዕ)፡-

ብዓይነትን ብብዝሓትን ብፅርየትን ምግቢ ኣዳሊኽን ዘቕረብክንን ዘስተኣናገድክን ደቂ ኣንስትዮ ኣሓትና፤
ንታዓዳማይ ቡሙሉኡ ዝኣክል ሻንፓኝ፣ መጠነ ዓብዪ ኬክ፣ ናይ መስተን ምግብን  ኣቑሑት ዘቕረብኩም፤
ብበዓል መዳለዊት ኮሚቲ ኣባልነትኩም ህዝቢ ንክተተሓባብሩ ለይቲን ቀትርን ፍሉይ ፃዕሪ  ዝገበርኩምን ኣዳራሽ ብምድላውን ብምሽብራቕን ዝተሳተፍኩምን እንትትኮኑ ዝቐረበሉ ፃዊዒት ተቐቢሉ ሙሉእ ቤተሰቡ ሒዙ ኣዳራሽና ከጨናንቕ ዘምሸየ ህዝብና ልባዊ ሃገራዊን ህዝባዊ ምስጋና እናቕረብና ይልመደና ህዝባዊ ሓድነትና ነጠናኽር ንብል።

ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ኣብ ህዝባዊ ባዓልኩም ክትርከቡ ዘይካዕልኩም ተጋሩ ነበርቲ ቦስተን ብዘይ ምንም ዓይነት ናይ ፖለቲካዊ ኣረኣእያ ኣፈላኣይ ብትግራዋይነትኩም ምስ ተጋሩን ንትግራይ ህዝብን መንፈስ ተዓጢቕኩም ብቐፃላይ ኣብ እነኽብሮም ባዓላትናን ናይ ልምዓት ፕሮግራማትናን ከምትርከቡን ከምትሳተፉን ተስፋ ንገብር።

ብናይ ለካቲት 2002 በዓል መዳለዊት ኮሚቲ    ሰብሳቢ

ቦስተን          February, 2010